ቤት ፅሕፈት ጨንፈር ልምዓት ከተማን ንግድን ኢንዳስትሪን ማለት ቤት ማዘጋጃ ወረዳ ወልቃይት ከተማ ዓዲ ረመፅ ኣብ 2011 ዓ/ም በጀት ዓመት ካብ መደበኛ ብዝተረኽበ በጀት ንቤት ፅሕፈት ኣገልግሎት ዝውዕሉ ዝተፈላለዩ መሳርሒ ፅሕፈት ካልኦት ሃለቅቲ ኣቅሑት ፣ ኤሌክትሮኒክስ ፣ ኣቅሑት ቢሮ ፣ ሕትመት ፣ መሳርሒ ህንፃን መሳርሒ ፅሬትን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክገዝእ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ታሕሳስ 8, 2011 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 13, 2011 3:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:00
- ቦታ:ዓዲ ረመ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 13, 2011 3:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ናይ ሕትመት ስራሕቲ/

1 ናይ 2011ዓ/ም ዝተሓደሰ ዘርፊ ንግዲ ፍቃድን ናይ መቅረባይነት ምስክር ወረቀትን ዋናን ቅዳሕን ዘቕርብ፤

2 ምስክር ወረቀት መለለይ ቁፅሪ ከፋላይ ግብሪ ዋናን ቅዳሕን ዘቕርብ፤

3 ንመሳርሒ ፅሕፈት ዝጫረት ወገናት ምስክር ወረቀት ተወሳኺ እሴት ታክስ ክተቕርቡ እናሓበርና ኣብ ኣቅሑት ቢሮ ሕትመት መሳርሒ ህንፃ ፣ መሳርሒ ፅሬት፣ ኤሌክትሮኒክስ እትጫረቱ ድማ ተወሳኺ እሴት ታክስ ዘለኩምን ዘይብልኩምን ምውድዳር ትኽእሉ ኢኹም።

4 ናይ ወርሒ መስከረም 2011ዓ/ም ዓዲ ውሽጢ እቶት ኣታዊ ዝገበርሉ ወርሓዊ ሒሳብ ዘፍለጥሉ መረዳእታ ዋናን ቅዳሕን ንተመዝገብቲ ተወሳኺ እሴት ታክስ ክተቕርቡ ትኽእሉ፤

5 መኽበሪ ጨረታ ዝውዕል ቅድሚ ጨረታ ምኽፋቱ lot1 መሳርሒ ፅሕፈት ካልኦት ሃለቅቲ ኣቅሑትን 3000.00 ሽሕ ቅርሺ፣ lot2 ንሕትመት ብነፃ፣ lot2 ንመሳርሒ ህንፃ ብነፃ፣ lot4 ንኤሌክትሮኒክስ 1000.00 ሽሕ ቅርሺ፣ lot5 ንኣቅሑት ቢሮ 1000.00 ሽሕ ቅርሺ፣ lot6 ንመሳርሒ ፅሬት ብነፃ ፤

6 ሰዓራይ ጨረታ ድሕሪ ናይ 3ተ ቅሬታ መቀበሊ መዓልቲ ኣብ ውሽጢ 3ተ ናይ ስራሕ መዓልቲ 10% ካብ ጠቕላላ ውዕሊ ብጥረ ገንዘብ ብሲፒኦ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ቼክ ኣትሒዙ ውዕሊ ክኣስር ዝኽእል፤

7 ጠቕላላ ንብረት ኣብ ቤት ፅሕፈት ጨንፈር ልምዓት ከተማን ንግድን ኢንዳስትሪን ማለት ቤት ማዘጋጃ ወረዳ ወልቃይት ከተማ ዓዲ ረመፅ ከረክብ ዝኽእል፤

8 ጨረታ ተኸፊቱ ሰዓራይ ምስተገለፀ ናይ ዝሰዓሮ 10% ኣትሒዙ ውዕሊ ክኣስር ዝኽእል፤

9 ነቶም ቅድም ኢሎም ዝተረጋገፁ ረቋሒ ከማልኡ ዝኽእሉ መቅረብቲ ኣብቲ ጨረታ ንኽወዳደሩ ይዕድም።

10 ሰነድ ጨረታ ካብ 28/03/2011 ዓ/ም -13/04/2011ዓ/ም ኣብ ዘሎ ናይ ስራሕ ሰዓታትን መዓልትን ዘይምለስ 100.00 ቅርሺ ብምኽፋል ካብ ቤት ፅሕፈት ጨንፈር ልምዓት ከተማን ንግድን ኢንዳስትሪን ማለት ቤት ማዘጋጃ ከ/ስ/ዕ/ፋይ/ምም/ንብረትን ከተማ ዓዲ ረመፅ ብምውሳድ እቲ ሰነድ ጨረታ ብፖስታ ተኣሺጉ ሓደ ዋናን ክልተ ቅዳሕን ተባሂሎም ነንበይኖም ብምፍላይ ኣብ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ውሽጡ ሽምን ፊርማን ዓሪፍዎ ብዝተኣሸገ ፖስታ ናብ ዓዲ ረመፅ ቤት ማዘጋጃ ከ/ስ/ዕ/ፋይ/ምም/ ንብረትን ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ከእትው ይኽእሉ።

11 እቲ ጨረታ 13/04/2011ዓ/ም ሰዓት 3:00 ናይ ንጉሆ ተዓፅዩ ኣብቲ ዕለት ሰዓት 3:30 ናይ ንጉሆ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ቤት ፅሕፈት ጨንፈር ልምዓት ከተማን ንግድን ኢንዳስትሪን ማለት ቤት ማዘጋጃ ወረዳ ወልቃይት ከተማ ዓዲ ረመፅ ከ/ስ/ዕ/ፋይ/ምም/ ንብረትን ይኽፈት።

12 ተመሊኡ ንዝቀርብ ሰነድ ጨረታ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም ኣብ ዘይተረኽብሉ እዋን ምኽፋት ይከኣል እዩ።

13 እቲ ቤት ፅሕፈት ካብዚ ወፃኢ ካልእ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

14 ጨረታ ኣብ ዝኽፈተሉ ቦታን እዋንን ኩሉ ሕ/ሰብ ቀሪቡ ክዕዘብ በዚ ኣጋጣሚ ንዕድም።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብስ.ቁፅሪ 0932-239375 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle